# 1. ስእልን ምስልን

**“ወርቂ ቐጥቂጥካ ኽልተ ኪሩቤል ሥራሕ፡ ኣብ ኽልተ ወሰኑ ናይቲ መኽደን ድማ ግበሮም። ሓደ ኪሩቤል ኣብ ሓደ ወሰን፡ ካልኣይ ኪሩቤል ኣብቲ ካልኣይ ወሰን ግበሮም”**
**(ዘጽ. 25፡17-19)**

**1. መእተዊ**

ብዛዕባ ምስልን ስእልን ዝምልከት፡ ኵላተን ኣብያተ ክርስትያን ሓደ ዓይነት ኣመለኻኽታ የብለንን። ንኣብነት ካቶሊካውያን ስእልን ምስልን፡ ኦርቶዶክሳውያን ከኣ ስእሊ ጥራይ የዘውትሩ። ፕሮተስታንት ኣብያተ ክርስትያን ግን ከም ኣምልኾ ጣዖት ስለዝወስድኦ ኣይጥቀማሉን እየን። እኳ ደኣ ንካቶሊካዉያንን ኦርቶዶክሳውያንን ስእልን ምስልን ስለ ዘዘውትሩ፡ ናብ ኣምልኾ ጣዖት ወዲቖም ኢሎም ዝኣምኑ ኣለዉ። እዘን ኣብያተ ክርስትያን “ካብ መስመር ክርስትና ወጺአን እየን፡ ንሰዓብተን ናብ ጥፍኣት ይመርሐ ኣለዋ”፡ እናበሉ ዝሰብኩ ከኣ ኣይተሳእኑን። በዚ መንጽርዚ እምበኣር ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ብዛዕባ ስእልን ምስልን ከመይ ከም እተስተምህርን፡ ብከመይ ከም እትትርጕሞን ክንርኢ ኢና።

**2. ክምለኽ ዘሎዎ ሓደ ኣምላኽ ጥራይ እዩ፡**

ካቶሊዊት ቤተክርስትያን ንመላእኽቲ ይኹን ንቅዱሳን ወይ'ውን ንኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣይተምልኽን ኢያ። ከነምልኾም እውን ኣይግበኣናን እዩ። ከመይ ፍጡር ዘበለ “ምልኪ” ወይ “ኣምልኾ” ኣይግብኦን እዩ። ቅዱስ መጽሓፍ ነዚ ኣነጺሩ እዩ ዝምህረና። ጣዖት ንርእስና ከይንገብር ዝእዝዙና ጥቅስታት ብዙሓት እዮም፡ ካብኦም እዞም ዝስዕቡ ክንጠቅስ፡-

1. ዘጽ.20፡2-5 ከምኡ'ውን ዘዳ.5፡7-8፡ “ -3- ሪ ግብጺ ካብ ምድሪ ባርነት ዘውጻእኩኻ ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣየ። ብጀካይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይሃልዉኻ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ካብ ዘለዉ ምስልን ስእልን ዘበለ ንኣኻ ኣይትግበር። ኣይትስገደሎም፡ ኣይተገልግሎም። ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ቀናእ ኣምላኽ እየ...”
1. ዘጽ.34፡17 “ብፍሲ ዝተሰርሑ ኣማልኽቲ ንኣኻትኩም ኣይትግበሩ”
2. ዘሌ.19፡4 “ናብ ጣዖት ኣይትመለሱ ... ኣማልኽቲ ኣይትግበሩ”
3. ዘሌ 26፡1 “እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ኣነ እየ እሞ ንኣኻትኩም ጣዖታት ኣይትግበሩ”
4. ዘዳ.4፡15-18 “... ብዝኾነ ምስሊ ብመልክዕ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ምስሊ ጣዖት ብምግባርኩም ከይትበላሸው ተጠንቀቑ”
5. ዘዳ.27፡15 “እግዚኣብሔር ዝፈንፈኖ በእዳው ብልሓተኛ ዝተገብረ ዝተወቕረን ዝፈሰሰን ምስሊ ዝገበረ፡ ሓቢኡ ከኣ ዘንበሮ ርጉም ይኹን” ይብል።

እዚ ኩሉ ጥቕስታት፡ ሓደ ኣምላኽ ጥራይ ከምዘሎን፡ ንሱ በይኑ ጥራይ ክምለኽ ከምዘለዎን እዩ ዝምህረና። እዚ ከኣ ሓቂ እዩ። ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ከኣ ነዚ ሓቂ ኩሉ ግዜ እያ እትምህር። ኣብ 2ይ ጉባኤ ኒቅያ ብ787 ዓ.ም.ፈ. ብውግዒ “ኣምልኾ ንኣምላኽ ጥራይ እዩ ዝወሃብ” ኢላ ኣዊጃ እያ።

እንተኾነ፡ ትእዛዝ እግዚኣብሔር “ብፍጹም ስእልን ምስልን ኣይትግበሩ” ዚብል፡ ኣብ ካልእ ወገን ቅ.መጽሓፍ ከኣ “ስእልን ምስልን ግበሩ” ዚብል ትእዛዝ ንረክብ፡ ከመይ ኢሉ እግዚኣብሔር “ኣይትግበሩ” ኪብል ጸኒሑ፡ ተመሊሱ ድማ “ግበሩ” ኪብለና? እዚስ ተገራጫዊዶ ኣይኮነን? ቢልና ክንሓትት ንግደድ ኢና። እቶም “ግበሩ” ዚብሉ ጥቕስታት እዞም ዚስዕቡ እዮም፡-

1. ዘጽ. 25፡17-19 “ምንዋሑ ኽልተ እመትን ፈረቓን፡ ምግፋሑ ከኣ እመትን ፈረቓን ዝኾነ፡ ብጽሩይ ወርቂ እተሰርሐ መኽደን ግበረሉ። ወርቂ ቐጥቂጥካ ኽልተ ኪሩቤል ሥራሕ፡ ኣብ ኽልተ ወሰኑ ናይቲ መኽደን ድማ ግበሮም። ሓደ ኪሩቤል ኣብ ሓደ ወሰን፡ ካልኣይ ኪሩቤል ኣብቲ ካልኣይ ወሰን ግበሮም። ምስቲ መኽደን ኣላጊብካ፡ ብኽልተ ወሰኑ ግበሮም” ይብለና። እዚ እግዚኣብሔር ብዛዕባ እቲ ኣብ ቤተ መቅደስ ክኸውን ዘሎዎ ታቦት ክዛረብ ከሎ ዝበሎ እዩ።
2. ኣብ 1 ነገ. 6፡23 እቲ ቤተ መቅደስ ብንጉሥ ሰሎሙን ክስራሕ እንከሎ ከኣ “ኣብቲ ቅድስተ ቅዱሳን ከኣ ኣርባዕተ ሜትሮን ፈረቓን ዝቍመቶም ካብ ኣውልዕ ዝተጸርቡ ኽልተ ኪሩቤል ገበረ” ይብለና። ቀጺሉ “ነቶም ኪሩቤል ከኣ ኣብ ማእከል እቲ ቅድስተ ቅዱሳን ገበሮም” (ቍ. 27) ይብለና። እዚ ጥራይ መዓስ ኮይኑ፡ ቀጺሉ “ንዅሉ መንደቕ እቲ ቅድስተ ቅዱሳንን መቕደስን ከኣ ብውሽጡ ምስልታት ኪሩቤልን ክፉት ዕንባባን ቅረጸሉ” (ቍ. 29) ይብለና። እንደገና ቀጺሉ “ንደገ እቲ ቅድስተ ቅዱሳን ከኣ ካብ ኣውሊዕ ዝተጸርበ ኽልተ መዓጹ ገበረሉ። ላዕላዋይ ልዳቱ ድማ መልክዕ ብቀስቲ ገይሩ ሠርሖ። ነተን ክልተ መዓጹ ከኣ ምስሊ ኪሩቤልን ስየን ክፉት ዕንባባን ቀረጸለን፡ ብወርቂውን ለበጦን፡ ነቲ ኩሩቤልን ነቲ ስየን ድማ ብዝተቀጥቀጠ ወርቂ ለበጦ” (ቍ. 31-32) እናበለ ይነግረና። ብንጹር ከም ኣንርእዮ ዘሎና ናይ መላእኽትን ዕንባባታትን ስየን ስእልን ምስልን ክነሱ ንቤተ መቅደስ ዝግብኦ መዓርግ ከልብሶ ንርኢ። እዚ ኵሉ ተሰሪሑ ምስ ተወድአ፡ እግዚኣብሔር በቲ ቤተመቅደስ ከምእተሓጐሰ ኣብ 1ነገ. 9፡3 “እቲ ኣብ ቅድመይ ዝተማህለልካዮ ጸሎትካን ምህለላኻን ሰሚዐዮ

ኣሎኹ፡ ነዛ ዝሰራሕካያ ቤተመቅደስ ስመይ ክሳዕ ዘለዓለም ኣብኣ ብምንባር ቀዲሰያ ኣሎኹ። ዓይነይ ልበይ ከኣ ንሓዋሩ ኣብኣ ኪነብራ እየን” እናበለ ይገልጸልና።

እምበኣርከስ፡ ኣብያተ ክርስቲያን ብስእልን ምስልን ናይ መላእኽትን ቅዱሳንን፡ ቅድስቲ ድንግል ማርያምን፡ መስቀልን፡ መድኃኔ ዓለምን፡ ካልእ ንቅድስቲ ሥላሴ ዘመልክትን ተሸሊሙ ከምዝምዕርግ ምግባር ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮም ጥቅስታት ዝተወሰደ ኣብነት እዩ፡ እምበር ኣምልኾ ጣዖት ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ኵሉ ግዜ ብቅዱሳኑን ብመላእኽቱን ከማኡውን ብኵሎም ፍጡራቱ ኽኽብር ስለ ዝግብኦ ጥራይ ኢና ከምኡ እንገብር።

**3. ሰኣን ትምህርቲ ሕዝቢ ክጋገ ከሎ ምእራቡ ሓላፍነት መራሕትን መማህራንን እዩ፡**
ኣብ 2ነገ.18፡4 ንጉሥ ሕዝቅያስ ነቲ ኣብ ቤተ መቅደስ ዝነበረ ናይ ኣስራዚ ተመን ደቂ ኣስራኤል ዘይግብኦ ኣምልኾ ክህብዎ ስለዝጀመሩ ከም ዝሰባበሮ ነንብብ። እቲ ሙሴ ኣብ በረኻ (ዘኁ.21፡8-9) ዝሰርሖ ተመን ኣስራዚ እዩ ዝነበረ። ን800 ዓመት ኣብ ቤተ መቅደስ፡ ነቲ ኣምላኽ ዝገበሮ ድንቂ ነገር የዘክር ነበረ፡ ብኣኡ ከኣ ኣምላኽ ይኸብር ነበረ። እዚ ተረሲዑ፡ ነቲ ተመን ብርእሱ ከም ጣዖት ከምልኽዎ ምስ ጀመሩ ግና፡ ንኣምላኽ ፍንፉን ነገር ይኸውን። ኣምላኽ ከኣ ብሕዝቅያስ ንጉሥ ገይሩ ከምዝሓምሸሾ ንርኢ።

እምበኣርከስ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ዘሎ ስእልን ምስልን ንክብሪ ኣምላኽ ዘዕዝዝ ኮይኑ፡ ንኣእምሮ ሰጋድያንን ምእመናንን ኣብ ኣምላኽ ከምዘትኩራ ክገብረን ኣሎዎ። እግዚኣብሔር-ኣብ መን እዩ? እቲ ንሱ ዝለኣኾ ወዱ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ከመይ ገይሩ ኣድኂኑና? መንፈስ ቅዱስ ከመይ ኢሉ ኣብ ሕይወት ክርስትያን ከምዝሰርሕን፡ ኣምልኾ ንቅድስቲ ሥላሴ ጥራሕ ከምዝግባእን፡ ንዘይመሃርካዮምን፡ ንዘይፈልጡን ምእመናን፡ ስእልን ምስልን ናይ መላእኽትን ቅዱሳንን ምቕራብ ናብ ኣምልኾ ጣዖት ናይ ምምራሕ ተኽእሎ ኣሎ። ነዚ ከምዚ ዝበለ ዝምባለ ከምቲ ንጉሥ ሕዝቅያስ ዝገበሮ ክእረም ይግባእ። መላእኽትን ቅዱሳንን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንከገልግልዎ ዝቾሙ ሰራዊት ኣምላኽ ምኺኖም ፈሊጥና፡ ንሕናውን ምሳታቶም ንኣምላኽ ከነምልኾ ምእንቲ ክንተባባዕ ኢና ኣብ ዙርያና ስእልን ምስልን እነቀምጦም እምበር ከነምልኾም ኣይኮነን።

**4. ንምስሊን ስእልንን ናይ መላእኽትን ቅዱሳንን ምስጋድን ምስዓምን ግቡእ ድዩ ?**
ነዚ ክንምልስ እንተደኣ ኮይና፡ ባህሊ ናይቲ እንዛረበሉ ሕብረተሰብ ኣብ ግምት ብምእታው ኢና ክንገብሮ ዘሎና። ኣብ ምሉእ ዓለም እንተንዘውር፡ ዝተፈላለየ ኣገባብ ክብሪ ንመላእኽትን ቅዱሳንን ንርኢ። ንኣብነት ተምበርኪኽካ ወይ ጠጠው ኢልካ ኣብ ቅድሚ ስእሊ መድኃኔ ዓለም፡ መስቀል፡ መላእኽቲ፡ ቅድስቲ ድንግል ማርያም፡ ቅዱሳንን ጸሎት ምግባር የዘውትሩ። ገሊኦም ነቲ ምስሊ ኰነ ስእሊ በእዳዎም ተንኪፎም ይስዕምዎ፡ ገሊኦም ኣብ ቅድሚቲ ስእሊ ወይ ምስሊ ብርእሶም ይሰግዱ፡ ገለ ከኣ ኣብ ባይታ ተደፊኦም ይሰግዱ። ትርጉም ናይ ስግደት ኣምልኾ ማለት ድዩ? ናይ ግድን ኣይኮነን። ንኣምላኽ ከተምልኽ ኢልካ ተደፊእካ ምስጋድ ግቡእ እዩ። ንመላእኽትን ቅድስቲ ድንግል ማርያምን ቅዱሳንን ተደፊእካ ምስጋድ ነቲ ልቢ ከንብብ ዘይክኣሎ ዓይኒ የደናግር እዩ። ስለዚ ኣብ ቅድሚ ስእልን ምስልን ቅዱሳንን መላእኽትን ናይ ክብሪ ስግደት ጥራሕ እዩ ኪኸውን ዝግባእ። ናይ ክብሪ ስግደት ወይ ምስዓም ኣምልኾ ከምዘይኮነ ከኣ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ኣብነታት ንረክብ ኢና። ኣብ ዘፍ.33፡3 ያዕቆብ ንሓዉ ኤሳው “ሸውዓተ ሳዕ ናብ ምድሪ ስገደ”። እዚ ብርግጽ ናይ ኣምልኾ ስግደት ኣይነበረን። ከምኡውን 1 ነገ 1፡16 ቤርሳቤህ ኣብ ቅድሚ ንጉሥ ከምዝሰገደት፡ ንጉሥ ንቤርሳቤህ ከምዝሰገደላ (1 ነገ 2፡19) ነንብብ። እዚ እውን ናይ ኣምልኾ ስግደት ኣይነበረን። በዚ መልክዕ ጥራሕ እዩ እቲ ስግደት ኣብ ቅድሚ ቅዱሳንን መላእኽትን ኃጢኣት ዘይኮነና። ከመይ እዚ ናይ ክብሪ ስግደት፡ ወይ ናይ ሰላምታ ስግደት እዩ። ኣብ ባህልና እውን ንሰባት ሰላም ንምባል ብርእስና ንስግድ (ንጠቕስ) ኢና፡ ግና ኣይነምልኾምን ኢና። ክሳዕ ሎሚ ኣብ (ንጠቕስ) ቅዳሴ ርእስና እናድነና ሰላምታ ንወሃሃብ ኣሎና።
ብዛዕባ ምስዓም ምስልን ስእልን እንተደኣ ኮይኑ፡ ሕጅውን ናይ ኣምልኾ ምልክት ኣይኰነን። ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ እተፈላለየ መልእኽታቱ (ሮሜ.16፡16፣ 1ቆሮ.16፡20፣ 2ቆሮ.13፡12፣ 1 ተሰ.5፡26) ብቅዱስ ስዕመት ነሓድሕድና ሰላም ክንበሃሃል የተባብዓና እዩ። እዚ ም... ቐርና እዩ እምበር ምልክት ኣምልኾ ክኸውን ኣይክእልን። ከምቲ ነቶም ኣብ ዙርያና ዘለው ኣሕዋትናን ኣ..... ብቅዱስ ስዕመት ሰላም እንብሎም፡ ከምኡ ነቶም ብመንፈስ ከሉ ግዜ ኣብ ዙርያና ከምዘሎን እንኣምን መላእኽትን ቅዱሳንን ኣብቲ ህላዌኦም ንከዘክረና ተባሂሉ ተቀሪቡ ዘሎ ስእሎምን ምስሎምን ንስዕም። በዚ ከኣ ናይ ኣምልኾ ተግባር ኣይንፍጽምን ኣሎና ማለት እዩ። ደሓር ከኣ ቅዱሳን ብሞት ካባና ክፍለዩ ኣይክእሉን እዮም፡ ከመይ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ. 8፡38-39 ሞት ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ከምዘይፈልየና ይምህረና እዩ።
ብዛዕባ “ክብሪ” እንተኾይኑ ከኣ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ 1ተሰ.5፡12-13 ከምኡውን ኣብ 1ጢሞ.5፡17 ክብሪ ንመራሕትን ዓበይትን ከምዝግባእ ይምህረና እዩ። ኣብ ሰማይ ኣሕሉቅ ከም ዘሎውና እውን ራእይ 5፡8 ይገልጽ እዩ። ስለዚ ነቶም ኣብነትናን ብመንፈስ መራሕትናን ደገፍትናን ዝኾኑ ቅዱሳንን መላእኽትን ከነኽብሮም ግቡእና እዩ።
እምበኣር፡ ኩሉ እቲ ንመላእክትን ቅዱሳንን እንገብሮ ስግደትን ምስዓምን፡ ናይ ሰላምታን ናይ ፍቕርን ክብርን ጥራሕ እዩ። ነቲ ንኣምላኽ ጥራይ ዝወሃብ ኣምልኾ ብምንም ዓይነት ኣይመስልን እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣምልኾ ጣዖት ኣይኮነን።

**5. *መደምደምታ***

*ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ኣርእስቲ እንተተመለስና፡ ብዛዕባ “ስእልን ምስልን ኣይትግበሩ” ዚብሉ ጥቕስታት ብሓደ ወገን፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ “ግበሩ” ዚብሉ ርኢና። ኣብ መወዳእታ እቲ መልእኽቲ ቅዱስ መጽሓፍ “ኣምልኾ ጣዖት” ከምዝኾነን ደኣምበር፡ ንክብሪ ኣምላኽ ዝግበር ስእልን ምስልን'ስ ኲኑን ከምዘይኮነ ተረዲእና። ምናልባት ግና ሰኣን ትምህርቲ ገለ ምእመናን እቲ ስእልን ምስልን (ዋላውን ናይ መድኃኔ ዓለም ወይ ናይ ሥላሴ ወይ መስቀል ኢየሱስ ክርስቶስ) ናይ ባዕሉ ሓይሊ ናይ ምፍዋስን ምድኃንን ሓይሊ ኣሎዎ ኢሎም፡ ነቲ ምስሊ ወይ ስእሊ ንርእሱ ምስ ዘምልኹ፡ ናብ ኣምልኾ ጣዖት ንእቱ ኣሎና ማለት እዩ። እዚ እናረኣየ ስቕ ዝብል ክርስትያን ወይ መራሒ ሃይማኖት ክህሉ ኣይግባእን። ከምቲ ሕዝቅያስ ንጉስ ዝገበሮ ነቲ ምስሊ ወይ ስእሊ ክሕምሽሾ ይግባእ፡ ነቶም ዘይግቡእ ዝገበሩ ከኣ ናብቲ ብሓቂ ኣምልኾ ኣምላኽ ክንመርሖምን ክንምህሮምን ይግባእ።*

**እግዚኣብሔር-ኣብ መን እዩ? እቲ ንሱ ዝለኣኾ ወዱ መድኃኒና ኢየሱሱ ክርስቶስ ከመይ ገይሩ ኣድኂኑና? መንፈስ ቅዱስ ከመይ ኢሉ ኣብ ሕይወት ክርስትያን ከምዝሰርሕን፡ ኣምልኾ ንቅድስቲ ሥላሴ ጥራሕ ከምዝግባእን፡ ንዘይመሃርካዮምን፡ ንዘይፈልጡን ምእመናን፡ ስእልን ምስልን ናይ መላእኽትን ቅዱሳንን ምቕራብ ናብ ኣምልኾ ጣዖት ናይ ምምራሕ ተኽእሎ ኣሎ።**